ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ

جبهة الإنقاذ الوطني الإريترية

ERITREAN NATIONAL SALVATION FRONT

ደምዳሚ መግለጺ

ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ ቀዳማይ ዕዉት ጉባኤኡ ድሕሪ ምዝዛም ቀዳማይ ስሩዕ ኣኼባ ባይቶ ኣሰላሲሉ መጻኢ መዳባት ሓንጺጹ ኣብ ውሽጡ ብዝገበሮ ናይ ስራሕ ምምቕቓል ናብ ተግባር ተዋፊሩ ኣሎ።

ቀዳማይ ጉባኤ ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ ነቲ ብኣሰናዳኢት ሽማግለ ዝቖረበሉ ጸብጻብ ድሕሪ ምስማዕ ኣብ ዝሓለፈ ሰለስተ ዓመት ውድብና ብሰንኪ ውሽጣዊ ፖለቲካዊ ቅልውላው ኣብ ዘለዎ ተሸኺሉ ንቕድሚት ክስጉም ከም ዘይከኣለ መዚኑ። ቀንዲ ሽግር ናይ ዝሓለፈ ጉዕዞና ነቲ ኣብ ሓድነት ክንኣቱ ከለና ዝኣተናዮ መብጽዓ ክውን ኣብ ምግባርን ዘይምግባርን፡ ንስምምዓትካ ምእዙዝ ምኻንን ዘይምኻንን፡ ልዕሊ ኩሉ ከኣ ካብቲ ዘዝመጻእናዮ ውድባውን ናይ ኣሰራርሓ ባህልን ተሓጺርና እቲ ሓደ ሽነኽ ነቲ ካልእ በረኣእያ ክኸስቦ ዘይምኽኣሉ እዩ።

እዚ ዝተጠቕሰ ኩነታት ዝወለዶ መሪር ሓድነታዊ ጉዕዞ ድሕሪ ምግምጋም ሕማቕ ኣጋጣሚ ኮይኑ ብሓደ ኣብ ክንቅጽለሉ ዘይንኽእል በጺሕና ውድብና ካብ ላዕሊ ክሳብ ታሕቲ ንትኹል ተፈንጪሉ ምህላዉ ጉባኤና ብሓዘን ገሊጹ።

ውድብና በዚ ኣብ ውሽጥና ወሪዱ ዘሎ ሕማቕ ተመኩሮ ከይተዳህለ ነቲ ኣብ መበገሲ ሓድነታዊ ጉዕዞና ዝተሓንገጥናዮ ድሕነት ህዝብን ሃገርን ልዕሊ ኩሉ ዝብል መሪሕ ጭሮሖና ንምትግባር ዓቕምና ብዝፈቕዶ መሰረት ተግባራዊ ንምግባር ጉባኤና ንመብጽዕኡ ዳግማይ ኣሓዲሱ ኣሎ።

ዝጸንሔ ናይ ልዕሊ ሰለስተ ዓመት ሓድነታዊ ጉዕዞ ክንመሃረሉ ብእንኽእል መንገዲ እንተተገምጊሙን መሃሪ ብዝኾነ መንገዲ እንተቖሪቡን ከም ተርእዮ ሕማቕ ምኻኑ እኳ ዘይተርፎ እንተኾነ ንቖጻሊ ጉዕዞ ግን ብጣዕሚ ኣዎንታዊ ኣስተዋጽኦ ክህልዎ እዩ። ከመይሲ ካብ ብዓወትና ብውድቀትና ዝያዳ ክንመሃር ስለ እንኽእል።

ውድብና እቲ ኣብ ዝሓለፈ ውሑዳት መዓልታት ዘጋጠመ ምዕብልናታት ዝፈጠሮ ዘይንቡር ኩነታት ብህድኣትን ቆራጽነትን ተጻዊሩ ጉባኤኡ ድሕሪ ምቕጻል ኣብ ሕገ ህንጻን ፖለቲካዊ መደብ ዕዮን ምምሕያሻት ብምግባር 7 ኣባላት ፈጻሚ ኣካል ዝርከብዎም 19 ሙሉኣት ኣባላት ባይቶን ክልተ ተጠባበቕትን መሪጹ።

ውድብና ንዕላማን ምንቅስቓስን ኤርትራዊ ደሞክራሲያዊ ኪዳን ዲሞክራስያውን ፍትሓውን ስርዓት ንምርግጋጽ ዘካይዶ ቃልሲ ንምዕዛዝ ኩሉ ዝከኣሎ ክገብር ድሉው ምኻኑ ድሕሪ ምርግጋጽ፡ ምስ ኩለን ተቓወምቲ ፖለቲካዊ ውድባት ኤርትራን ሲቪክ ማሕበራትን እውን ሕድሕድ ዝምድናታት

ብምምዕባል ምስቶም ግብራዊ ሓድነታዊ ድሌት ዘርእዩ ኣካላት ብኽንድቲ ክዛመዱ ዝኽእል ደረጃ ሓቢሩ ክሰርሕ ድሉው ምኻኑ ኣረጋጊጹ።

ዲክታቶርያዊ ሰርዓት ህግደፍ ጠንቂ ናይቲ ኣብ ሃገርና ወሪዱ ዘሎ ፖለቲካውን ማሕበራውን ቁጠባውን ጸገማትን፡ ናይቲ ኣብ ጎረባብትናን ኣብ ዞባናን ዝረኤ ዘይምርግጋእ ቀንዲ ተሓታትን ስለ ዝኾነ ኩሉ ዓይነት ኣገባብ ቃልሲ ብምጥቃም ካብ ስልጣን ምልጋሱን ኣብ መተካእትኡ ሕብረ-ሰልፋዊ ደሞክራሲያዊ ፍትሓዊ ስርዓት ንምትካል ኣብ ዝግበር ቃልሲ ውድብና ዓቅሙ ብዘፍቅደሉ መንገዲ ክቃለስ ምኻኑ ጉባኤና ዳግማይ ኣረጋጊጹ።

ክሳብ ሕጂ ኣብ ደንበ ተቓውሞ ዝረኤ ናይ መንእሰያትን ደቂ ኣንስትዮን ብኩራት ብኣትኩሮ ድሕሪ ምግንዛብ፡ ንጡፍ ተሳታፍነት ናይዚ ኣገዳሲ ክፋል ናይ ሕብረተሰብና ንምርግጋጽ ዝተጸንዔ ተግባራዊ ምንቅስቓስ ክገብር እውን ወሲኑ።

ዓወት ንደሞክራሲያዊ ቃልስታት ኤርትራ

ዝኽርን ክብርን ንስዉኣትና

ፈጻሚ ኣካል ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ

18 - 10 - 2009